# ዓይደር

ቤት ትምህርቲ ዓይደር ብ1986 ዓ.ም ዝተጣየሸ ኮይኑ ኣብውሽጢ ዳስ ነይሩ ንፈለማ ስራሕ ምስትምሃር ዝጀመረ:: ሽዑ 316 ደቂተባዕትዮን 280 ደቂኣንስትዮን ብድምሩ 596 ተምሃሮ ብምሓዝ ብሽድሽተ ደቂተባዕትዮን ብኣርብዓተ ደቂኣንስትዮን ብድምሩ ብዓሰርተ መማህራን ነይሩ ስርሑ ዝጀመረ:: ኣብመጀመርታታት 1986 ዓ.ም ብመንግስቲ ብዝተመደበ በጀት ስራሕቲ ህንፀት ክፍልታት ኣብከይዲ እናሃለወ ሱም እቲ ቤት ትምህርቲ ማይድባ ይብሃል ነይሩ:: ብድሕሪኡ ኣብመወዳእታ 1986 ዓ.ም ህንፀት ሓሙሽተ ክፍልታት መምህርን ክልተ ክፍልታት ቢሮን ተወዲኡ ንቀዳማይን ካልኣይን ክፍሊ ተምሃሮ ግልጋሎት ምሃብ ምስጀመረ ዓይደር ዝብል ስያመ ተዋሂቡዎ:: እዙ ስያመ እዙይ ዝተውሃቦ'ውን ኣብቱ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ዓይደር ዝብሃል ሳዕሪ ብበዝሒ ብምህላው እዩ ይበሃል:: ብድሕሪ እዚ ዋላ'ኳ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ይካየድ እንተነበረ'ውን ናዉቲ መምህሪ ይኹን መምህሪ ክፍልታት ብግቡእ ስለዘይተማልአ ምቹው ከይዲ ኣይነበረን:: ብምኳኑ'ውን ነይሩ፣ ንዙ ፀገም ብምርዳእ መንግስትን ህዝብን ገበርቲ ሰናይ ማህበራትን ዓቕሞም ብምውዳድ ብ1987 ዓ.ም ዝተፈላለዩ ናዉቲ ትምህርቲ ብምምላእ ብተወሳኺ'ውን ኣርባዕተ ክፍልታት መምህሪ ብምህናፅ ዝሐሸ ግልጋሎት ዝህበሉ ኩነታት ክማቻቸው ዝተገበረ::

መንግስቲ ንትምህርቲ ካብዝሃቦ ፍሉይ ብሄራዊ ጠመተ ዝነቐለ ቤት ትምህርቲ ዓይደር ምስፍፋሕን ዝተማልአ ግልጋሎት ክህብ ዝኽእለሉ ባይታ ምፍጣርን ድማ ሓደ ኣካል እቲ ሃገራዊ መደብ ብምንባሩ ብልቓሕ ባንኪ ዓለም ብዘተጣየሸ ፈንድ ማህበራዊ ተሃድሶ ልምዓት ኢትዮጵያ ብዝተመደበ በጀት ክፍሊ ርእሰመምህር፣ ክፍሊ መዕረፊ መማህራን፣ ክፍሊ ንብረት፣ ክፍሊ ቤትፈተነን፣ ክፍሊ ንባብን ዘጠቓለለ ህንፀት ብምክያድ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ዓይደር ካብካልኦት ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርትታት እቲ ከባቢ ብዘይንእስ ግልጋሎት ምምሃር ምስትምሃር ዝህበሉ ኩነታት ክማላእ ተገይሩ::

## ግፍዓዊ ጨፍጫፍ ህፃውንቲ

ኣብቲ እዋን ብከምዚ ዝበለ ኣሳልጦ ውዑይ ህንፀት መሰረተ ልምዓት ኣብመላእ ሃገር ምቅፃሉ ሰይጣናዊ ቅንኢ ዘሕደረሉ መንግስቲ ኤርትራ ንሉኣላዊ ዶብ ሃገርና ጥሒሱ ወራር ልዕሊ ምፍፃሙ ዕለተ ዓርቢ 28 ጉንበት 1990 ዓም ኣብ ድሕሪ ቀትሪ እዋን ትምህርቲ ኣብ ልዕሊ ቤት ትምህርቲ ዓይደር ተኸታታሊ ፋሽስታዊ ደብዳብ ነፈርቲ ብምክያድ ኣብምምሃር ምስትምሃር ዝነበሩ ተምሃሮን መማህራንን ከምኡ'ውን ንሓገዝ ኣብዝመፁ ወለድን ነበርቲ ከተማ መቐለን ገዚፍ ጨፍጫፍ ፈፂሙ::

ሰላማውያንን ሲቪላትን ጥራሕ እንተይኮኑስ እንታይነት ኵናት'ውን ዘይፈልጡ ዕሸላት ህፃውንቲ ብልዕሊ 250 ኪሎ ግራም ዝምዝና ክላስተር ቦምባታት ብዓልማሚት

ዝጨፍጨፈ መንግስቲ ኤርትራ ዕላምኡ ስሒቱ ብጌጋ እዩ እዚ እኩይ ተግባር እዚ ፈፂሙዎ ከይብሃል'ኳ ብሰዓታት ውሽጢ ተመላሊሱ መዕቖቢ ህፃውንትን ማእከል ፍልጠትን ጥራሕ ንዝኾነ ቤት ትምህርቲ ዓይደር ከምሓደ ዒላማ ጠሚቱ ደጋጊሙ ምድብዳቡ ንግፍዓዊነቱ መዐቀኒ ዘይብሉ ፋሽስትነት እዩ። እዚ ተግባር እዚይ እውን ኮነ ኢልካ ዝተፈፀመ ንምዃኑ ካብቱ ከባቢ ግርጭት ኣዐሪዩ ዝርሓቐ ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብእዋን ኲናት ወተሃደራትን ወተሃደራዊ ነቑጣታትን ካብ ሲቪል ሕብረተሰብን ትካላትን ብዛዕባ ምፍላይ ዝተሓንፀፀ ንዓለምለኸ ሕጊ ሰብኣዉነትን ንኣንቀፅ ሰለስተን ንኣንቀፅ ኣርባዕተን ኮንቬንሽን ጄኔቫን ዝጠሓሰ ተግባር ግብረ ሽበራ እዩ።

ብቱ ኣብክልተ ዙር ዝተኻየደ ፋሽታዊ ደብዳብ ነፈርቲ ብተኸታታሊ ብዝወረደ ክላስተር ቦምባታት ሰረት ቤትትምህርቲ ዓይደር እንትህነፅ ንዝተወለደት ጓል ኣርባዕተ ዓመት ሄለን ሓዊሱ ዕድሚኦም ትሕቲ 15 ዓመት ዝነበሩ 12 ህፃውንቲ ተቐቲሎም፣ 42 ህፃውንቲ ድማ ቖሲሎም፤ ካብዞም ዝቖሰሉ ውሽጢ 18 ህፃውንቲ ሙሉእ ጉዱኣት ኣካል ኮይኖም ከይምሃሩን ከይሰርሑን ተሰንኪሎም ተሪፎም።

ንዞም ህፃውንቲ ኣብምስትምሃርን ኣብምሕብሓብን ንዝነበሩ መማህራንን ንሓገዝ ዝመፁ ወለድን ነበርቲ መቐለን ሓዊሱ ተወሳኺ 42 ሲቪላት ዜጋታት ተቐቲሎም 185 ድማ ቖሲሎም፤ ካብዞም ዝቖሰሉ'ውን ጉዱኣት ኣካል ኮይኖም ዝተረፉ ኣለዉ። ብሰንኪ እዙ ጨፍጫፍ ህፃውንቲ ኣብልዕሊ ኣሽሓት ህፃውንቲ ተምሃሮ መቐለ ንዓማዉቲ ዝቐፀለ ዝኸፍአ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት በፂሑ እዩ።

## መግለፂ ዓይደር

ግፍዒ ዓይደር ብጥቕላሉ መግለፂ ዘስካክሕ መንግስታዊ ፋሽዝም ብምዃኑ ኣብ ኣእምሮ ሚሊዮናት ሕብረተሰብ ዓለም ተቐሪፁ ተሪፉ እዩ። በኣውርኡ ድማ ሰለባ እዚ ግፍዒ ንዝኾንና ኢትዮጵያውያን ዘይሓዊ በሰላ ሓዲጉልና፤ ዓይደር መግለፂ ሕራነ ኮይኑ ህዝቢ ኢትዮጵያ ጫፍ ካብጫፍ እምብለይ ኢሉ ዝሓረነሉ መግለፂ ሓድነትና ኢሉ'ውን ህዝብታት ብሓደ ወጊኖም ገዚፍ መስዋእትነት ብምኽፋል ንወራር ሻዕብያ ብምምካቶም መግለፂ ሕነ ምፍዳይን ዓወትን እውን ኮይኑ። በዚ'ውን ዓይደርን ሰማእታትናን ከምኡ'ውን ብህይወት ዘለው ግና ብግፍዒ ዝተሰንከሉ ጉዱኣት ኣካልን ንቱ ግፍዒ ብዓይኑ ንዝተዓዘበ ህዝብናን ኣብታሪኽና ፍሉይ ቦታ ብምሓዝ ኩል ግዜ ክዝከሩ እዮም።

## ዝክረ ዓይደር

ብምዃኑ'ውን እዩ፤ ካብዕባሕ እዙ ግፍዒ እዙይ ኣትሒዙ ኣብውሽጢ ዓድን ኣብዝተፈላለየ ክፍለዓለም ብዝርከብ ህዝብና ዝክረ ዓይደር ዓመት ዓመት 28 ጉንበት (June 5) ብዝተፈላለየ ምድላዋት ዝዝከርን ዝክረ ፀሎት ዝካየድን ዘሎ። ብፍላይ ድማ ኣብ ከተማ መቐለ ኣብቤት ትምህርቲ ዓይደር ናይዙ ግፍዒ ጉዱኣት ኣካልን ስድራታት እቶም ብግፍዒ ዝተቐተሉን ዝቖሰሉን ከምኡ'ውን ነበርቲ እቱ ከባብን ተምሃሮን መማህራንን ኣብዝርከቡሉ ብድሙቕ እናተዘከረ ዓሽራይ ዓመቱ ኣቑፂሩ ኣሎ። ብተመሳሳሊ'ውን ኣብዋሽንግተንን ከባቢኣን፣ ኣብዝተፈላለዩ ከተማታት ኣሜሪካን

ኤውሮፓን ብሕብረትን ብውልቅን፣ ካብዙይ ሓሊፉ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታታትን ብሽምዓን ብፀሎትን ብዝተፈላለየ ምድላዋትን እናተዘከረ እዩ ፀኒሑ።

## ቀፃሊ'ኸ ብኸመይ?

ኣብታሪኽና ፍሉይ ተኺሳሒ ቦታ ዝሓዘ ግፍዓዊ ደብዳብ ነፈርቲ ዓይደር ካብሕልና ውሉድ ወለዶ ዘይወፅእ በሰላ ምኻኑ ኩልና እንረዳድኣሉ ሓቂ እዩ። ብምኻኑ እውን እዩ ኣብውሽጥና እናጓሃረ እህ እናበልና እንዝክሮ ዘለና። ሽምዓ እናወላዕና ፀሎትና እናብፃሕና ኢሉ እውን እናነባዕና ንሰማእታት ዓይደርን ንቱ ጥቕዓትን ንዝክሮ ኣለና። ኮይኑ ግና ሽምዓ ብምውላዕን ብዝክረ ፀሎትን ተወሲና፤ ዝበፅሐና ግፍዕን መስዋእትነት ህፃውንቲ ኣሕዋትናን እናዘከርና ክነስቆንቁንን ክንቁዝምን ጥራሕ ድዩ ግቡእና … ወይስ ከምመጠን ተገደስቲ ዜጋታት፣ ዓቕምና ኣዋዲድና ንሰማእታት መዘከሪ ንህልዋት መምህሪ ዝኸውን ቀዋሚ መዘከርታን ኣገልግሎት ክህብ ዝኽእልን ቅርሲ ክንተኽለሉም ይግባእ?

ንዚ ሓባራዉን ህዝባዉን ቅኑዕ ጉዳይ ምላሽ ንምሃብ ብዝተገበረ ምንቅስቓስ፣ ኣብወፃኢ ዘሎ ዓቕምና ኣዋዲድና ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደርን ኣብውሽጡ'ውን መዘከርታ ሓውልቲ'ቶም ሰማእታትን ኣካለጉዱኣትን ጨፍጫፍ ዓይደር ንምህናፅ፣ ንቲ ግፍዒ ዝወረዶ ህዝብና ቃል ኣቲና ሎሚ ኣብመበል 10ይ ዓመት ግፍዒ ዓይደር ዝተዋደደ ወፍሪ ጀሚርና ኣለና። ስለዙይ፣ ኩልና ሰለባ እዚ ግፍዒ ዝኾና ኢትዮጵያውያንን ፈተውቲ ኢትዮጵያን፣ ብፍላይ ድማ ቀዳሞት ተጠቃዕቲ እዚ ግፍዒ ዝኾና ተጋሩ፣ ዝኽኣልናዮ ኣወፊና ንወለዶ መምህርን መዘከርን ዝኸውን ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደርን ሓውልትን ንምህናፅ ንክንተሓባበር መፀዋዕታና ነቕርብ።

ከምመጠን ተገደስቲ ዜጋታት፣ ኩሉ ዓቕምና ኣዋዲድና ንሰማእታት መዘከሪ ንህልዋት መምህሪ ዝኸውን ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደር ንምህናፅ ንልዓል!

ንዝሃብኩምና ቅኑዕ ምላሽ ኣቐዲምና እናመስገና እተወፍዩዎ ክንዲ ዝኾነ ይኹን መጠን ገንዘብ ብዘየግድስ በዚ ዝስዕብ ኣድንሻ ንኽተወፍዩ፣ ብቼክ ንእተወፍዩ ድማ፣ AYDER MEMORIAL LIBRARY PROJECT ኢልኩም ንክትፅሕፉ እናዘኻኸርና፣ ንተወሳኺ ሓበሬታ ደውሉልና!

Your contribution is tax-deductible to the extent allowed by the USA law
Account Name: Ayder Memorial Library Project
Ayder Memorial Library Project Committee,
P.O.Box 41286, Arlington, VA 22204
Phone #: (202)-232-9130,
E-mail: Amel@zkreayder.org,
Website: Zkreayder.org

ኮሚቴ ፕሮጀክት ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደር

# ዘሕጉስን ዘተባብዕን ጅማሮ

ቀዳም May 3, 2008 ኣብከተማ ዋሽንግተን ዲሲ ኣብዝተኻየደ ምሸት ምትእኽኻብ ገንዘብ
መህነፂ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር
ዘሕጉስን ዘተባብዕን ጅማሮ ተራእዩ!

ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር፤ ንሰማእታት መዘከሪ ንህልዋት መምህሪ ዝኸውን፣ ቀዋሚ መዘከርታን ኣገልግሎት ንክህብ ዝኸእልን ቅርሲ ንክኸውን፤ ኮሚቴ ፕሮጀክት ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር ዓቕምን ሓሳብን፣ ሓይልን ጥሪትን፣ ኩሎም ፈተውቲ ህዝቦምን ሃገሮምን ንዝኾኑ ወገናት ንምውዳድ ዓሊሙ ዕላዊ ምንቅስቓስ ካብዝጅምር፤ ካብ ኣባላት ኮሚቴ ወለድን መማህራንን ቤትምህርቲ ዓይደርን ካብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይን ኣትሒዙ፣ ኣብመላእ ሰሜን ኣሜሪካን ኣብኤውሮፓን ብዝነብሩ ወገናትና ናእዳን ተቐባልነትን ኣዕሪዩ ዘተባብዕ ደገፍን እናረኸበ እዩ::

ኮሚቴ ፕሮጀክት ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር ኣመፃዕኡ ኮነ ኣካይድኡ ካብ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ውዳበ ወይ ድማ ሲቪክ ማህበራት ነፃ ኮይኑ ሓደን ሓደን ንዝኾነ ዕላማ፤ ህንፀት ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር ንምትግባር ብዘይ ገለ ፖለቲካዊ ወይ ናይ ኣረኣያ ኣፈላላይ ንኩሎም ወገናትና ኣብ ክሊ እዚ ዕላማ ንምትሕብባር ዝተልዓለ ህዝባውን ወገናውን ምትእኽኻብ ጥራሕ እዩ:: ዓሽራይ ዓመት ዝክረ ዓይደር ብምምልካት ኣብቲ ዘስካሕክሕ ግፍዒ ዝተፈፀመሉ መረባ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዓይደር ቤተመፃሕፍቲን ኣብውሽጡ እውን ሓውልቲ ዝክረ ሰማእታትን ኣካለጉዱኣትን ዓይደር ንምህናፅ ኢና ተኣኻኺብና::

ነዚ ቅዱስን ወገናውን ዕማም ንምስላጥ እውን ኮሚቴ ፕሮጀክት ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር ዕላምኡ ብዝተፈላለዩ መንገዲ እናፋለጠ ድሕሪ ምፅናሕ May 3, 2008 ኣብ ከተማ ዋሽንግተን ዲሲ ኣብዘካየዶ ፈላማይ ምሸት ምትእኽኻብ ገንዘብ መህነፂ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር በዚ ዝስዕብ ዘሕጉስን ዘተባብዕን ጅማሮ ተመሲሱ ኣሎ::

| | |
|---|---|
| ቀዳማይ፤ | ሓደ ግዱስን ፈታዊ ህዝቦምን ሃገሮምን ዝኾኑ ኣብ ኣሜሪካ ዝነብሩ ትግራዋይ፤ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታት ዓይደር ህንፀቱ ምስተፈፀመ ሙሉእ ብሙሉእን ኣድላይ ዘበለ መፃሕፍቲ ኩሉ ኣብቦትኡ ከምዘማልኡ ኣረጋጊፆምልና፤ |
| ካልኣይ፤ | ኣብዚ ናይ ቀዳም May 3, 2008 ምሸት ምትእኽኻብ ገንዘብ ልዕሊ 30,000 (ሰላሳ ሽሕ) ዶላር ሓገዝ ተኣኻኺቡ ኣሎ:: |

ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን፤

ነዚ ሓባራዉን ህዝባዉን፣ ቅኑዕን ቅዱስን፣ መፀዋዕታ እዋናዊ ምላሽ ንምሃብ ኣብወፃኢ ዘሎ ዓቕምና ኣብምውዳድ ኩላትና ብዘይ ገለ ኣፈላላይ ተሓባቢርና

ኣብእንገብሮ ምንቅስቓስ ሙሉእ እምነት ኣሕዲርናን ሃቦ ሰኒቕናን፣ ንቲ ግፍዒ ዝወረዶ ህዝብና ቃል ኣቲና ኣብመበል ዓሸራይ ዓመት ግፍዒ ዓይደር፣ 28 ግንቦት 2000 ዓ/ም (June 5, 2008) ኣብከተማ መቐለ ኣብቅፅሪ ቤት ትምህርቲ ዓይደር ብድምቀት ኣብዝተብዓል ዝክረ ሰማእታት ዓይደር እምኒ ኩርናዕ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ሰማእታትን ኣካለጉዱኣትን ዓይደር ብምንባር ንህንፀት ምድላዋት ጀሚርና ኣለና፡፡ እዚ ቤተመፃሕፍቲ እዚ ዘበናውነቱ ዝሓለወን ኣብውሽጡ ካብሓውልቲ ሰማእታት ህፃውንቲ ኣትሒዙ ክሳብ ማእከል ኮምፒዩተርን ኢንተርኔትን ከምዝህልዎ፣ በዚ እውን ፋሽታዊ ተግባር ጥፍኣትን ግፍዕን ፀላእትና ናብ ማእከል ፍልጠትን ምርምርን ስነጥበብን ብምቕያር፣ ሰማእታትና እናዘከርና ፍልጠት ወለዶ እነማዕብለሉ መርኣያ ቅርሲ ንምህናፅ እዩ፡፡

ስለዚ ዝምልከተና ኩላትና፣ ነዚ ዋኒን ንምስላጥ ነናይ ዓቕምና ንኽነወፈ እናተዳመፅና፣ ኣብብዘለናሉ ከተማታትን ከባቢን ዝተፈላለየ ምድላዋት ብምግባር ብሓባር ኮነ ብውልቂ ብፅሒትና ክንገብር ብስም ሰማእታትን ኣካለጉዱኣትን ዓይደር መፀዋዕታና ነሕልፍ፡፡ ኣብመርበብ ሓበሬታ ዝክረ ዓይደር www.zkreayder.org ተዘርጊሑ ብዘሎ ቅጥዒ ሓገዝ (Donation Sheet) ወፈያኹም ንክትሰዱልና እውን ንላበው፡፡

ንዝሃብኩምና ቅኑዕ ምላሽ ኣቐዲምና እናመስገና እተወፍዩዎ ክንዲ ዝኾነ ይኹን መጠን ገንዘብ ብዘየግድስ ተዘርጊሑ ብዘሎ ቁፅሪ ሒሳብ ባንኪ ብቀጥታ ኣታዊ ንኽትገብሩ፣ ብቼክ ንእተወፍዩ ድማ AYDER MEMORIAL LIBRARY PROJECT ኢልኩም ንክትፅሕፉ እናዘኻኸርና፣ ንተወሳኺ ሓበሬታ ደውሉልና ወይድማ ኢሜል ልኣኹልና!

ምስዝኸበረ ሕውነታዊ ሰላምታ

ኮሚቴ ኘሮጀክት ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደር

---

# ዓሸራይ ዓመት ዝክረ ዓይደር
# ኣብከተማ መቐለ

## እምነ ኩርናዕ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደር ተቐሚጡ
## (Ayder Memorial Library)

መንግስቲ ውልቀመላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብልዕሊ ህፃውንቲ ተምሃሮ ቀዳማይ ብርኪ ቤትትምህርቲ ዓይደር፣ መማህራን፣ ወለድን ንሓገዝ ዘርከቡ ካልኦት ሲቪላትን ብክላስተር ቦንባታት ብነፈርቲ ዝፈፀሞ ፋሽስታዊ ግፍዒ ዓሸራይ ዓመቱ ብሰንበት ባሕቲ ሰነ 2000 ዓ/ም ኣብከተማ መቐለ ብድሙቕ ስነስርዓት ተዘኪሩ፡፡

በቲ ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ዝተፈፀመ መንግስታዊ ፋሽዝም ንጓል ኣርባዕተ ዓመት ህፃን ሄለን ሓዊሱ 53 ህፃውንቲ ተምሃሮ መማህራን ወለድን ንሓገዝ ዘርከቡ ካልኦት ሲቪላትን እንትቕተሉ ልዕሊ 200 ወገናትና ድማ ቁሱላትን ጉዱኣት ኣካልን ምዃኖም ይፍለጥ፡፡

ኣብዚ ስነስርዓት ዝክረ ዓሽራይ ዓመት ሰማእታትን ጉዱኣት ኣካልን ዓይደር ፕረዚደንት ምምሕድዳር ክልል ትግራይ ኣይተ ፀጋይ በርሀ ተረኺቦም እምነ ኩርናዕ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደር ዘንበሩ እንትኾን፣ ወለድን ስድራን ሰማእታትን ጉዱኣት ኣካልን ከምኡ እውን ብርክት ዝበለ ህዝቢ ከተማ መቐለ ተረኺቦም ነይሮም፡፡

እዚ ስነስርዓት ዝክረ ዓይደር ብሓይሊ ኣየርን ጦር ምድሪን ኢትዮጵያ፣ ከምኡ እውን ብሰራዊትን ኦርኬስትራን ፖሊስ ክልል ትግራይ፣ ብተምሃሮን መማህራንን፣ ብዝቐረቡ ዝተፈላለዩ ምርኢታት ግጥምታትን ካልኦት ምድላዋትን ዝተሰነየ ከምዝነበረ ካብመዳለዉቲ እቲ ስነስርዓት ዝኸሪ ዝበፅሐና ፀብፃብ ይሕብር፡፡

ነዚ ስነስርዓት ዝኸሪ ዝገልፁ ፎቶግራፋትን ንስምዒት ዕዱማት ኣጋይሽን ህዝብን ዘስቆርቆሩ ስም ውልቀ ሰማእታት ዓይደር እናቕርሑ ዝቐረቡ ግጥምታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝክረ ዓይደር www.zkreayder.org ቀሪቦም ከምዘለው ንሕብር፡፡

ንሰማእታትን ጉዱኣት ኣካልን ዓይደር መዘከርታ፣ ንወለዶ ድማ መምህሪ፤ ንዝኾነ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደር ንምህናፅ ኣብዝግበር ዘሎ ዓለምለኻዊ ምንቅስቓስ፤ ኢትዮጵያውያንን ፈተውቲ ኢትዮጵያን ኣብብዘለናዮ ኮይንና ዝኽኣልናዮ ንኽነወፊ ወገናዊ መፀዋዕታ ነቕርብ፡፡

ኮሚቴ ፕሮጀክት ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደር

**Your contribution is tax-deductible to the extent allowed by the USA law**


**Account Name: Ayder Memorial Library Project**
**Ayder Memorial Library Project Committee,**
**P.O.Box 41286, Arlington, VA 22204**
**Phone #: (202)-232-9130,**
**E-mail: Amel@zkreayder.org,**
**Website: Zkreayder.org**